# አብ ጎንደር ዘጋጠመ ዕግርግር፡ አጀማምርኡ፣ ምዕባልኡን መወዳእታኡን

**ብበዓል ውራይ**

ኢሜይል ethio.justice@yahoo.com

ርክብ ህዝቢ ትግራይን ጎንደርን ብምክብባር፣ ንነዊሕ ግዘ ሓቢርካ ብጉርብትና ብምንባርን ብምትሕስሳብን ዝተመስረተ እዩ። በቲ ዝፀንሐ ናይ ነዊሕ ግዘ ረኽቢ አብ መንጎ እዞም ህዝብታት ተመሳሳሊ ባህሊ፣ ቋንቋ፣ ሀይማኖት፣ ማሕበራዊ ናብራ፣ ኢኮኖምያዊን ፖለቲካውን ረኽቢ ክምስርቱ ኽኢሎም እዮም። ብመዳይ ዓሌታዊ ረኽቢ አብ ጎንደር ብአሽሓት ዝቅፀሩ ዜጋታት ካብ ተጋሩን ጎንደርን ዝውለዱ አለው። ብተመሳሳሊ መንገዲ አብ ማእኸል ትግራይን አብ ዶብ ትግራይን ጎንደር ተመሳሳሊ ቁፀሪ ዘለዎም ዜጋታት ካብ ክልቲኦም ህዝብታት ዝተረኽቡ አለው። ብባህሊ መዳይ ድማ አብ መንጎ ክልቲኦም ህዝብታት ተመሳሳሊ ዝበሀል ባህሊ አሎ። ብንቋንቋ እውን እንተኾነ ተመሳሳሊ ነገራት አብ መንጎ እዞም ህዝብታት አሎ። ንአብነት አነ ካብ ዝፈልጦም ከም ጥስቲ፣ ካራ፣ ምጎን፣ ሸበጥ፣ ላምባ ወዘተ ዝአመሰሉ ብሓደ ዓይነት አገላልፃ ካብ እንጥቀመሎም ብውሕዱ ምግላፅ ይከአል። ብማሕበራዊ ናብራ፣ ኢኮኖምን ፖለቲካን እውን ሰፊሕ ዝበሀል ረኽቢ አሎ። ብፍላይ ፖለቲካዊ ረኽቢ አመልኪቱ አብ ሞንጎ እቶም ህዝብታት ካብ ምሕደራ ጀሚሩ እስካብ ንፀላኢ ብሓባር ብምቅላስ ምድምሳስ ይሓውስ።

በቲ ዝነበረ ናይ ነዊሕ እዋን ማሕበራዊ ረኽቢ ምስ ምምስራት ከተማ ጎንደር ተታሒዙ ብሰፊሑ ዝዝረብ ሓደ ነገር አሎ። ናይ ጎንደር ዓበይቲ ዓዲ ምስ ጎንደር ከተማ ምምስራት ተታሒዙ ዘሎ ዛንታ ከም ዝቅፅል ይገልፅዎ። ቅድሚ ምምስራት ከተማ ጎንደር እቲ ከባቢ ብዓመት ምሉእ ወሓዝቲ ሩባታት ከምኒ ቀሀ፣ አንገረብ፣ ሸንታ ወዘተ ዝተኸበበትን ብአግራብ ጥቅጥቅ ዝበለ ከባቢ ኮይኑ መውዐሊ እንስሳት ዘገዳም ከም ዝነበረ ይግለፅ። ተጋሩ ነጋዶ ካብ ትግራይ ተበጊሶም ናብ ሱዳንን ገማገም ቀይሕ ባሕርን እንትገሹ ጎንደር ከም ምችውቲ መዕረፊ ይጥቀሙላ ነይሮም። ድሕሪ ነዊሕ ግዘ እቲ ካባቢ ነፃ መሬት ብምንባሩ ብፍላይ ድማ ንሕርሻን ምርባሕ ከፍትን ምችው ከም ዝኾነ ዝተረድኡ ክልተ ነጋዶ ተጋሩ አብቲ ከባቢ ምንባር ይጅምሩ። ድሕሪ ዝተወሰነ ዓመታት አብቲ ከባቢ ዝነብር ህዝቢ ቀስ ብቀስ ምስ በዝሐ አብ መንጎ እቶም አሕዋት ብመሬት ይግበአኒ ዘይምቅዳው የጋጥም እሞ ዓበይቲ ዓዲ ዘሎ ኩነታት ገምጊሞም ዕርቂ ክህቡ ይፅውዑ። በዚ መሰረት እቲ ዘይምቅዳው አብ መንጎ ክልተ አሕዋት ከምዝኾነ ዝተረደኡ እዞም ዓበይቲ ዓዲ ንቲ ንእሽተይ ሓው ምስ ዓብይ ሓው ተሳንዩ ንክነብር አብ **ጎኑ ሕደር** ኢሎም ወሰኑ ይበሀል።

ድሕሪ ነዊሕ ግዘ ምስ ኣብቲ ከባቢ ምስፋሕፋሕ ቋንቋ ኣምሓርኛ ተተሓሒዙ እታ ከተማ ካብ **ጎኑ ሕደር** ናብ **ጎንደር** ከምእተቀየረ የረድኡና።

ብኣውርኡ እቲ ኣብ ላዕሊ ዝተገለፀ ሓሳብ ሓቂ ንምዃኑ ንምርዳእ መሰረት ሽም እተን ካብ ጎንደር ናብ መስመር ትግራይ ብፍላይ ድማ ናብ ሽረ እንዳስላሰ ዘለዋ ኹለን ከተማታት ኣስማተን ትግርኛ ምዃኑ ምርዳእ የድሊ። ንኣብነት **እምባ ጊዮርጊስ** ብኽይዲ ናብ **ኣምባ ግዮርጊስ** ዝተቐየረ፣ **ዳ ቦታት** ናብ **ዳባት** ዝተቐየረ፣ **ዳ በርቂ** ናብ **ደባርቅ** ዝተቐየረ፣ **ዛ ሬማ** ንብ **ዛሬማ** ዝተቐየረ፣ **ዓዲ ኣርቃይ** ናብ **ኣዲ ኣርቃይ** ዝተቐየረ ይርከበኣን። ጎንደር ከተማ ሓዊሱ እተን ሽመን ኣብዚ ዝጠቀስናየን ከተማታት ኩለን በቲ ሒዚ ዝተቀየረ ሽመን ናይ ኣምሓርኛ ትርጉም የብለንን። ስለ ፅዕንቶ ቋንቋ ትግርኛ ኣብ ከተማታት ጎንደር ከም ዘሎ ኮይኑ ኣስማት ገጠር ከባብታት ጎንደር ካብ ቋንቋ ኣምሓኛ ንላዕሊ ናይ ካልእ ቋንቋ ፅዕንቶ ይብርትዕ። ነዚ ቀንዲ ምኽንያት ቅድሚ ምምስራት ቤተ መንግስቲ ሀፀይ ፋሲለደስ ኣብ 16 ክ/ዘበን ኣብ ጎንደርን ከባቢኡን ብሰፊሑ ዝዝረብ ዝነበረ ቋንቋ እቲ ናይቲ ከባቢ መስረቲ ነበርቲ ዝነበሩ ናይ ብሄራት ቅማንት፣ ቋራ፣ ትግራይ፣ ፈላሻ፣ ኣገውን ካልኦት ቋንቋታትን ብምንባሩ እዩ። ኣብዚ ከባቢ ምስ ናይ ኣምሓርኛ ቋንቋ ምስፋሕፋሕ ተታሒዙ እቶም ዝነበሩ ብሄራትን ቋንቋታትን ንክወሓጡ ምክንያት ኮይኑ። ካብዚ ጥፋኣት ዝደሓነ ብሕታዊ ቋንቋ ቅማንት ጥራሕ እዩ። በዚ መሰረት ዕብየት ቋንቋ ኣምሓርኛን ብሄር ኣምሓራን ኣብ ከባቢ ጎንደር ካብ 14 ክ/ዘበን ብፋላይ ምስ ንጉስ ልብነ ድንግልን ብግራኝ ኣሕመድ ብዝበፅሖም ሽንፈት መናገሻኦም ናብ ከባቢ ጎንደር ምዛርን ይተኣሳሰር እዩ። ዕብየት ቋንቋ ኣምሓርኛን ብሄር ኣምሓራን ብዝምልከት ዝበለፀ መብርሂ ንምርካብ ብውሩይ ፀሓፊ ታሪክ ኢትዮጵያ ዝኾኑ ኣለቃ ታየ ገብረማርያም በዘዕባ ኣመፃፅኣ ታሪክ ብሄራት ኢትዮጵያ ንኽተንብቡ ይላቦ።

ሀይማኖት ክርስትና ኣብ ጎንደር ዝተስፋሕፈሐሉ ካብ 16 ክ/ዘበን ንደሓር ኺይኑ ኣክሱማውያን ነገስታት ብዝተፈላለዩ ኣጋጣሚታት ናብ ጎንደርን ከባቢኡን ይመላለሱ ከም ዝነበሩ ዝገልፁ ታሪኻዊ መርትያታት ኣለው። በዚ ኣጋጣሚ ኣመሰራርታ ካብ ጎንደር ናብ ኣንፈት ምዕራብ ብ45 ኪ.ሜ ርሒቃ እትርከብ ከተማ ኣይከል ምርኣይ ይከኣል። ብ 5ይ ክ/ዘበን ኣከባቢ ኣቢሉ ነጊሱ ዝነበረ ውሩይ ንጉስ ኣክሱም ካብ ግዝኣቱ ንኣንፈት ሰሜናዊ ምዕራብ ኣብ እትርከብ ፍልይቲ ቦታ ገዳም ንክምስርት ብራእይ ይርኣዮ። እቲ ንጉስ ናይ ሓይማኖት ሓላፍነቱ ንክዋፃእ ነዊሕ ዝተበሃለ መንገዲ ናብ ኣንፈት ሰሜናዊ ምዕራብ ምስ ተጓዓዘ እቲ ቦታ ምርካብ ስኢኖም ተስፋ ዝቆረፁ ሊቃውንቲ ንዕረፋ ኣኽለና ይብሉ። ብድሕሪኡ እቲ ከባቢ **ኣኽለና**

እናተበሀለ ንክፅዋዕ ከም ዝኸአለ ይንገር። ኮይኑ ግን ብተመሳሳሊ መንገዲ ናይቲ ከተማ ስም ብምቅያር **አይከል** ከም እተበሀለ ዓበይቲ ዓዲ ይናገሩ። አብቲ ሓዚ እዋን እቲ ድሕሪ ነዊሕ ድካምን አለሻን ዝተረኸበ ገዳም አብቲ ከባቢ ነዊሕ ዕድመ ዘቑፀረ ተአምረዊ ዝኾነ ገዳም አሎ። ስለ እቲ ተአምራዊን ውሩይን ገዳም ታሪክ ብ 2008 ዓ.ም ተሓቲማ ናብ ዕዳጋ ዝወፀት መጽሓፋ ዝዓራ ክተንብቡ ይላቦ። አብ ጎንደርን ከባቢኡን ቅድሚ 13 ክ/ዘበን ፅዕንቶ ሀይማኖት ክርስትና ብጣዕሚ ውሑድ ነይሩ። እተን ነዊሕ ዕድመ አለወን ተባሂለን ናይ ቱሪስት መስሕባት ዝኾና ናይ ቃላይ ጣና ገዳማት ዝተመስረታ ካብ 13-15 ክ/ዘበን አብ ዘሎ እዋን ብዝነገሱ ንጉሳት እዩ።

ትግራይ ነዊሕ ዕድመ ዘቑፀሩ ዓበይቲ ገዳማት፣ ቤተ ክርስትያናትን መስጊዳትን ዘለውዋ ናይ ኢትዮጰያ መሰረት እያ። ኾይኑ ግን ሀይማኖት ክርስትና እንትለዓል ትምክሕተኛታት ካብ ማንም ንላዕሊ ንሕና አለና ይብሉ። ንአብነት ናይ ጥምቀት በዓል ንውሰድ፤ ህዝቢ ትግራይ ጥምቀት ካብ 4ይ ክ/ዘበን ጀሚሩ ከም ሓደ ዓብይ ሀይማኖታዊ ሓድጊ ሓብሒቡን ዉሕሉል ኪነት ወሲኹን ብዜማ ያሬድ አማዕሪጉን ምስ አፅንሐ ትምክሕተኛታት ግን ናይ ታሪኽ ጉሕለት ዋና ስሮሖም ስለዝኾነ በቲ ክብሪ ተፀዋዕቲ ንሕና ኢና ክብሉ ይስምዑ። አብ ጎንደር ጥምቀት ምክባር ዝጀመረ ድሕሪ 16 ክ/ዘበን እዩ፤ በቲ ባህሊ ብቱሪዝም ተጠቀምቲ እንምን ምኺኖም ኹልና ንፈልጥ ኢና። ትግራይ መሰረት ኩሎም ባህልታትን ክብርታትን ኢትዮጵያ እናሀለወት ሳላ ስንፋናን ዝሓለፈ ጨቋኒ ስርዓትን እቲ ክብሪን ሞገስን ሊቃውንቲ ትግራይ ካልእ ብሄር ይጥቀመሉ አሎ፤ ትግራዋይ ድማ ንኽይጥይቅ ብሄራዊ ጭቆና ንክበፅሖ ስለእተገበረ ብመንነቱ ንክሓፍር ብሰፊሑ ሰሪሖም። ሓሶት ደጋጊሞም ብምዝራብን ብምፅሓፉን ብዘይ ታሪኾምን ባህሎምን ትምክሕተኛታት ንክጥቀሙ ይፋትኑ አለው።

ብ18 ክ/ዘበን ብዝተፈጠረ ሕንፋሽፋሽ ንሀገር ደሕንነት ክብሉ ካብ ትግራይ ሰራዊቶም ሒዞም ናብ ከተማ ጎንደር ብምካድ ናይ ባዕሎም ቤተ መንግስቲ አብ ጎኒ ቤተ መንግሰቲ ሀፀይ ፋሲል ዘሰርሑ ራእሲ ሚካኤል ስሑል እቲ ናይ ቤተ መንግስቶም ቅርሲ ከም ማንም ናይ ሀገር ሓድጊ ክሕሎ እናተገበኦ ትግራዋይ ብምኺኖም ጥራሕ እቲ ቅርሲ ምእንተ ክበርስ ትምክሕተኛታት ቢሮ መናእሰይ ንክኸውን ብምውሳን ንኽጠፍእ ገይሮም አለው ። ተመሳሳሊ ታሪካዊ ረብሓ ዘለዎ ናይ ሀፀይ ፋሲል ቤተ መንግስቲ ግን ንበፃሕቲ ዓዲ ክፋቲ ኾይኑ ፋሉይን ግዝያዊን ፅገና ይግበረሉ አሎ። ዘይምፋላጦም እምበር ተዝፈልጡስ ኩሎም ንጉሳት ኢትዮጵያ መሰረቶም ካብ ትግራይ ከምዝኾነን ውላድ ንግስቲ ሳባን ንጉስ ሰለሞንን ምኺኖም

ምርግጋፅ ከምዘድሊ እንተዝፈልጡ መሰረት መንግስቲ ኢትዮጵያ ትግራይ መኸበርዋ ነይሮም። መሰረት ሀይማኖት ክርስትና ዝኾነት ትግራይ ርዕሰ ደብሪ አክሱም ቀረቦም ምንጋስ ግብኦም ናይ ምኟኑ ሚስጢር እውን እዚ መሰረት እዩ።

አጼ ዮሀንስ ብማህዲ ጦር አብ ጩንቂ ውሽጢ ዝነበረት ጎንደር ንምድሓን አድኻሚ ዝተበሀለ ጉዕዞ ገይሮም መተማ ውግእ ብምግጣም ህዝቢ ጎንደር ካብ መከራን ሞተን ብምንጋፍ ብሻጥር ትምክሕተኛታት አብ መንጎ ዓወቶም ብምዕራፎም ምክንያት ብሽሞም ዝተሰየመት ከተማ **መተማ ዮሀንስ** ትምክሕተኛታት ከክንዲ የቀንየልና ናይታ ከተማ ስም ናብ **መተማ** ብምቕያር ተጋሩ ካብ ቤት ንብረቶምን ሂወቶምን ክስእኑ ገይሮም። ብተመሳሳሊ መንገዲ ካብ መተማ አብ ቀረባ ርሕቀት እትርከብ ሽዲ አብ ዝተበሀለት ከተማ ዝነበሩ ተጋሩ ሕገ መንግስቲ ዝሃቦም መሰሎም ተጠቂሞም ካብ ዝፈትዎም ቤተሰቦም ርሒቆም ብሃሩር ፀሓይ እናተቓፀሉ ዝአከብዎ ሃፍትን ንብረቶምን ገዲፎም ንክወፁ ተገይሮም እዮም።

ካብዚ ብምቅፃል  አብ ከተማ አብርሀ ጅራ ንነዊሕ ግዘ ነባር ትሕዝቶኦም ብምልማዕ ሃፍትን ጥሪትን ዝአከቡ ህርኩታት ተጋሩ ብተመሳሳሊ ግፋዒ መረበቶም ገዲፎም ንክወፁ ተገይሮም እዮም። አብዞም ንፁሃን ዜጋታት እዚኦም ዝበፅሐ በደል ምንም ዓይነት ጥፋአት ስለዝፈፀሙ አይኮነን በደሎም ትግራዋይ ምኟኖም ጥራሕ እዩ። ብተመሳሳሊ ኩነታት አብ ከተማ ጎንደር ትግራዋይ ብመንነቱ ንክሓፋር ንምግባር ተደጋጋሚ በደላት ብትምክሕተኛታት በፂሕዎ እዩ። ካብዚ ብተወሳኺ ነጋዶን ሰራሕተኛ መንግስትን ተጋሩ ብምኟኖም ምኽንያት ጥራሕ ዘይምጥን ግብሪ ንክኸፍሉን ዝተፈላለዩ ናይ ምምሕዳር በደላት አብ ልዕሊኦም ክፋፀም ተገይሩ እዩ።

ትምክሕተኛታት  ህዝቢ ትግራይ ንአማባገነናዊ መንግሰቲ ደርጊ ንምውጋድ ከቢድ ሰብአውን ንዋታውን ኪሳራ ብምኽፋል ዓዶም ንከማሓድሩ ዕድል ዝፈጠረሎም ትግራዋይ የቐንየልና ብምባል ዝግብኦም ክብሪ ንክረኽቡ ምግባር ምተገቦኦም ነይሩ። ብእዋን ደርጊ ብዙሓት መናእሰይ ንሞትን ስደትን ዝዳረገ መላኩ ተፈራ ተጋሩ ጀጋኑ ምስ ሂወቱ ሒዞም ዝግብኦ ብይን ንኽረክብ ገይሮም እዮም። ይኹን እምበር እቲ **መላኩ ተፈራ የግዜር ትንሽ ወንድም ያሁኑ ማርልኝ የነገ አልወልድም** ኢሎም ብፍርሒ ካብ ዘምልኽዎ ዝነበሩ ሰብን ስርዓትን በስንኪ ጀጋኑ ተጋሩ ዋላ ይገላገሉ ሐዚ እውን ዋና ፀላኢኦም ትግራዋይ እዩ።

ብስንኪ ዘሎ ጉርብትና ተጋሩ አብ ክልል አምሓራ ከምኡ እውን አምሓሩ አብ ክልል ትግራይ ንክነብሩ ኩነታታት ብምግዳዱ ምኽንያት አብ ወልቃይት ውሕድ ቁፅሪ ዘለዎም ብሄረ አምሓራ ይነብሩ አለው። አብ ጎንደር ዘለው ተጋሩ መዓልቲ መፀት ብብሄሮም ብትምክሕተኛታት እንትናሸው፤ ብኻሊእ ወገን ናይ ህዝብን መንግስትን ትግራይ ትዕግስትን ጋሻ መኽበራይነትን ከም ዕሽነት ብምቑፃር ትምክሕተኛታት ወልቃይት ናትና እያ ብምባል አብ ልዕሊ ተጋሩ ራዕዲ ንምፋጣር ክደፍሩ ክኢሎም እዮም። አብ ጎንደር ብምኽንያት ሽለል መለል ዝምልከቶ አካል መንግስቲ ተጋሩ መተካእታ ዘይብላ ህይወቶም ከፊሎም፣ ንብረቶም ብሓዊ ነዲዱ፣ ሰራሕተኛታት ካብ ስረሖም ተፈናቒሎም ሽኽሚ ሃገርን ህዝብን ኮይኖም አለው። ትምክሕተኛታት ሓላፋነት ክወስዱ ዝግበኦም ሓለፋቲ መንግስቲ ከክንዲ ምጥያቅ ሐዚ ውን ብሽፋንፋን ጉዳይ ንክትሕለፋ ድሕርሕር ምባል የብዝሑ አለው። ንገሊኦም ሃንደስትን ፈፀምቲን እቲ ናይ ዘርኢ ምጥፋእ እውን ዝሓሸ ስልጣንን ምስጋናን ይቐርበሎም አሎ። እንተ ተጋሩ ግን ሐዚ ውን ንሂወቶም ሓላፉነት ዝወስድ አካል፣ ንንብረቶም መተካእታ ከይረኸቡ ፈቀዶ ቢሮ መንግስቲ ቀውለል ንክበሉ ተፈሪድሎም አሎ።

እታ ጥልቅ ተሃድሶ እትበሀል እውን አብ ጎንደር ከም ዓብዩ አጀንዳ እውን አይተለዓለትን ዘላ። እዚ ጉዳይ መንግስቲ ኸ ብትክክል አሎ ዶ ዘብል እዩ። መንግስቲን ህዝብን ትግራይ ብስንኪ ተጋሩ ምኺኖም አብ ጎንደር አብ ልዕሊ ተጋሩ ዝበፅሕ ዘሎ በደልን ሞትን ዝምልከቶም አይመስሎን ዘሎ። ብትምክሕተኛታት ተበዲለ ኢሉ ዝመፀ ትግራዋይ መልሲ ካብ እትነብሩሉ መንግስቲ ጠይቁ ማለት እንታይ ማለት እዩ ? ትምክሕተኛታት ፀላኢኦም ኩሉ ትግራዋይ ምኺኑ እንረዳእ ፤ ብቁዕ ትኹረት እንግበረሉ። እታ አብ ትሕቲ እግርና ዘላ ጋንግሪን ተግባር ትምክሕተኛታት ብዘይያዳግም መፋትሒ ንክትረክብ እሂን ምሂን አንበል ይብል። ብቁልጡፍ መፍትሒ እንተዘይረኺባ መዘዛ ንዝተረፈ እውን ምብፅሓ እሙን እዩ። ካብ ድቃስና ብግቡእ ነቚሕና እጃምና ንኽንገብር ግዜ አይንሃብ ይብል።